ምእጋድ ሓርነት ምዝራብን
ሓሳብካ ምግላጽን

# እታ ጸላም ዕለት

**መስከረም 18**

ወርሒ መስከረም፡ ተመራጺት ወቕቲ
ሓረስታይ ዝቀራረበሉ፡ ክሓፍስ ምህርቲ፡
ፍረ ጻዕሩ ዝርእየሉ፡ ምስ ወጸ ክረምቲ፡
ኩሉ ዝብህጋ፡ ብዕንባባ ውቕብቲ።

ኣብ 2001 ግን፡ መልክዓ ተደወነ፡
መስከረም 18፡ ጸሓይ ኤርትራ ደበነ፡
ካብ ባህሪ ወጻኢ፡ ሓይሊ ሰብ ገነነ፡
ኣብ ጸልማት ኣለና፡ ሽዑ ምስ ኮነ።

እታ ጸላም መዓልቲ ኣብ ታሪኽ ዓድና፡
እነሆ ክንዝክራ፡ ብሓደ ተኣኪብና፡
ጥልመት ዝተጋህደላ፡ ዝኾልፍ ባህግና፡
ዲሞክራሲ ዝዕምጽጽ፡ ሓልኪ ገጠመና።

ህዝብና ክርህዎ፡ ፍትሒ ዝበሉ፡
ቅዋም ይተግበር፡ ተሓታትነት ይሃሉ፡
ኢሎም ዝመሃሩ፡ ኣብ ጋዜጣ ኣብ ኩሉ፡
ኣብ ጉድጓድ ተኣስሩ፡ ኣብ ሰፈር ተኻሉ።

ህግደፍ ሰርሓሉ፡ ሰመዮም ወይጦታት
ህዝብና ዓሺዩ፡ ገለጾም ከደዓት፡
ኩሉ ኣዳኺሩ፡ ብዘይካ ውሑዳት፡
ሽዑ ዝተረድኦም፡ ደወሉ ነጋሪት።

ወዮ ንሕና፡ ዘየለና ዘየፍረና፡
ዘይሰራሕና፡ ዘይነበርና፡
ሓድሕድ ተኻሰስቲ፡ ኮይኑ ስምና፡
ናይ ሕልና እሱራት፡ ብሓቒ`ዩ ዝበቕዓና።

ዝኽሪ እሱራት፡ ሎሚ ካብ ኮነ፡
ሃየ ንነሳሕ፡ ንውጻእ ካብ ድነ፡
ንኽፈቶ እቲ በሪ፡ ምስ ነብስና ንዳነ፡
ኮይና ንቕረብ፡ ነብሱ ዝኣመነ።

ኣነዶ ንስኻ፡ ንጉሓፎ ደርቢና፡
ምሳኻ ክሰርሕ፡ ይኹን ዘረባና፡
ብሓድሕድ ምጽውዋር፡ ኣስሚርና ጉዕዞና፡
ሃየ ንጀምሮ፡ ካብ ሎሚ ጽሑፍና።

ንሕሰብ ብሕልና፡ ንርኣዮም እሱራት፡
ገለ ምስ ዓይኖም፡ ገሊኦም ንቑራት፡
ኣብ ጸልማት ዝነብሩ፡ ኩሎም ዕዉራት፡
ዘለዉን ዝሓለፉን፡ ኩሎም ስውኣት።

ብሃገር ዝሓሰቡ፡ ስድራና ከይበሉ፡
ደቆም ገዲፎም፡ ኣብ ሓቂ ዘትከሉ፡
መንእሰያት ኣለዉዎም፡ ዘይወለዱ ዘይመሰሉ፡
ዓበይቶም ንኣሽቶም፡ ህዝብና ዝበሉ።

ይግባኣና ድዩ፡ ጊዜ ከነባኽን፡
ኣብ ክንዲ ንንህር፡ ነብስና ንኹንን፡
ብሓቒ ዘሕፍር`ዩ፡ ኣይንበል ዕውንውን፡
ብሕብረት ንስራሕ፡ ተግባራዊያን ንኹን።

**ኣቱም ኣሕዋት፡-**
ክትጽሕፎ ዘሰክፍ፡ ኮይኑ`ሎ `ዚ ወቕቲ፡
ዓድታት ተሪፈን፡ ምስ ቆልዓ ሰበይቲ፡
ኣረግቶት ኣብ ገዛ፡ ዘይብሎም ጠወርቲ፡
ኣድባራት ተዓጽየን፡ ሃዲሞም ፈለስቲ።

**እሞ፡-** ምዝልላፍ ንግደፎ፡ ንስራሕ ብሓባር፡
ስነ ምግባርና ንሓሉ፡ ዒብ ንግበር ንከባበር፡
ትልሚ ኢሰያስ ንቑጸዮ፡ ከይከውን ከይትግበር፡
ብርዕናን ልሳንናን፡ ናብ ህግደፍ ነተኩር።

*******************

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስውኣትና!
ፍትሕን ሰላምን ንህዝቢ ኤርትራ።

____________________

ተሸመ ወልደሚካኤል
ስያትል ሕ/መ/ኣ/
መስከረም 18, 2020